# ሕጂኸ ?

ዝኸበርኩም ደቂ-ሃገር! ንቡር ስለዝኾነ ከመይ ትቕንዩ? ብምባል ከፍልሞ፡ እምበር'ካ ከመይ ኣለኻ ኣይትብሎ ገጽ ርኤ እንዲዩ፡ ምቕናይ ጽቡቕዩ ኩሉ የሰምዓካን የርእየካን። ብዝኾነ ንሎሚ ሕጂኸ ? ብዝብል ሓውሲ ሕቶን ምሕጽንታን ኣልዒለ ናባኹም ይቀርብ ኣለኹም ኣቃልቦኹም ብትሕትና ይሓትት።ከቡራት ሕጂኸ ኩብል ከለኹ ንዓኹም ንህዝቢ ስለዝኾነ መልእኽተይ ከንጸር ህዝቢ ኢለ ዝርድኦ ወይ ዝሰምዮ መንዩ ብዓቕመይ ከተንብህ ፍቀዱለይ፡ ኣነ ህዝቢ ዝብሎ፦- ኩሉ ወዲ-ሃገር በዚ ዘሎ ስርዓተ-ኣልቦ ጉጅለ ዝተሰርቖን ዝተጠልመን፤ -ናይ ምንባር ሃለዋት ዝተሓርመ ዘበለ ኩሉ፤-ርእዮም ዝሰኣኑ፡ ወሊዶም ዝመኸኑ ወለዲ፤-ምእንቲ ሃገር ሰንኪሉ ዝተገፍዔ፤-ብፍርዲ-ኣልቦ ጉጅለ ዝተቐዝፈን ዝተመቑሐን፤-ጸሓይ ከላ ሓርብትዎ ሃጽ ኢሉ እግሩ ናብ ዝመርሖ ዝወሃተተ፤-ቈልዕነቱን ንእስነቱን ተሓሪሙ ኣብ ፈቖዶ ቦታ መደበር-ስደተኛታት ዝበሊ ዘሎ፤-ብዝተወደበ ይኹን ብዘይተወደበ ኣገባብ ኣብ ምቅላስ ዝርከብ፤-ነዚ ስርዓተ-ኣልቦ ጉጅለ ዝለኣኹን ዝሕብሕቡን፤-ጎኖት-ሃገሮም ብሙኻን ' ....እቦኺ ኣብ ዘደቆሱና ' እናበልና ወረ ኣብ ምግምዳሕ ንውዕል 'ውን ኣካል ህዝቢ ኢና፤ እዞም ዝጠቀስኩዎም ኩሎም ኣካላት-ህዝቢ ኮይኖም ብሓደ ተጠምሮም ህዝቢ ይስመዩ፡

ስለ'ዚ ንፍቶ-ንጽላእ እቲ ኩሉ ተረኽቦታት ብኣወንታ ይኹን ብኣሉታ ከንገር ዝከኣል ታሪኽ ናትና ናይ ህዝቢ እምበር ታሪኽ ናይ ውልቀ-ሰባት ወይ ጉጅለ ኣይኮነን ንምባል ዘኽእል ይመስለኒ። ርግጽ 'ዩ ውልቀ-ሰባት ግደ ኣለዎም ግንከ ወሳኒ ኣይኮነን ኢለ ኢየ ዝኣምን፡ ዋላ'ካ ኣብ ዝሓለፈ ይኹን ኣብ ዘለናዮ ታሪኽን ግደን ናይ ውልቀ-ሰባት ካብ መጠኑ ንላዕሊ ዝሓለፈ ኣብ ምቕንጃው እንተኾነ።

እምበርከስ ደቂ-ሃገር ዋናታት ታሪኽ ንሕና ባዕልና ካብ ኮና ፤ ንብሲ-ወከፍና ዝተጻወትናዮ ወይ ዘበርከትናዮ ግደ ብሓፈሻ፡ ኣብዘን ዝሓለፋ 27 ዓመታት ድማ ብፍላይ እንታይን ከመይን ነይሩ ኢልና ንብስና ምሕታት እዋኑ ይመስለኒ፡

ርግጽዩ ከም ህዝቢ መጠን ዋላ ሓንቲ ኣይገበርናን ወይ ኣይኸፈልናን ንማለት ፈጺምካ ዘይከኣል ኢዩ፡ እኪድኣ መጠኑ ዝሓለፈ ጌርና-ከፊልና፤ እንተኾነ ግን ንጥቅምና ጥቅሚ-ህዝቢ ዘይኮነስ ንጥቅሚ ነቲ ከም ሲጋ-ከብቲ ከም ድላዩ ዝንዛዘዮና ሕድሪ-ስውኣትን ህዝብን ዝጠለመ እምባ-ገነን ኣይተ ኢሰያስ ኢዩ ነይሩ።

*ንጉዳይና ብዕቱብነት ኣይሓዝናዮን፤ ንወራዙት ኢሕልፍና ህብና ከንብቅዕ ንብስና ኣግልልና ንኸልኣት ሓላፍነት ከነሰክም፤ ከንውንጅልን ከንፈርድን ከንሓምን ከነዕዘምዝምን ወትሩ ንርከብ፤ እዚ መዓስዩ ከኸትም? ሕጂኸ ሰዓቱዶ ኣይኣኸለን ከሳብ መዓስ ? ዝሓለፍናዮ መንገዲ ከይገምገምናን ከይቀየስናን ምምራሽ ወይ ኣቓራጭ መንገዲ ምንዳይ ንጥቅምና ኣይከበረን ብሕጂ ውን ኣይከኸውንን ኢዩ።*

ከቡራት ደቂ-ሃገር "እንታይ ከመይን እንተገበርና ኮን ይሓይሽ " ዝብል ብድሆ ቢታ ንእስቲ ዓቕመይ ቅድሚ ምትንበሄይ፡ ገለ ሕቶታት ከልዕል ፍቐዱለይ፤ ንኣብነት መን 'ዩ በደለኛ ብሓሳረ-መከራ ህዝቢ ይኹን ሃገር ኣብ ቓራና መንገዲ ከትህሉ ዝገበረ? እቶም ቆጽሊ ዘየውደቕናሎም ጉጅለ ህግዲፍ ወይ ሰራዊት ደኾን ይኾኑ? እቶም ተቓወምቲ-ውድባት ደኾን ይኾኑ? ወይስ ጎረቤት-ሃገር ወይ ርእሰ-ሓያላን መንግስታት? እወ ! ተራ \ግደ ኣለዎም፤ እስኪ እንታይ ይመስሉ በብሓ ደ ንርኣዮም፦

## ህግዲፍ

ብዛዕባ ህግዲፍ ስርዓተ-ኣልቦ ባዕሉ ብሓይሉ ኣብ ኮረሻ ዝተወጥሐ ከነሱ፤ ብኻል እ ኣዘራርባ ሕጋውነት ዘይለበሰ ፤ እዚ ገበረ እዚ ሰርሐ ምባል ብዘይ ግብረ-መልሲ ድኻም ጥራሕ ኢዩ፤ ግንከ ብዙሕ ተዘሪቡን ተጻሒፉን ምድግጋሙ ኣገዳሲ ኣይመስለንን፡ የግዳስ ምስ ትሕዝቶ ጽሑፈይ ንምትእስሳር ኣብዚ ህሞትዚ እንታይ ይመስል ንርኤ፡ህግዲፍ ንፍርቂ-ዘመን ዝኣክል ከዕንድር ድሕሪ ምጽናሑ ዕድምኡ ኣብ ምዝዛም ወይ ኣብ ምሕዳስ ኩነት ምብጽሑ ዝሕብሩ ምልክታት ኣለዉ፡

ምሕዳስ ኲነት ዝብሎ ዘለኹ እንተድኣ መደቡ ቀኑዕዎ፤ ንኤርትራን ህዝባን ኣብ ዕዳጋ ኣውሪዱ ኣብ ቀርኒ- ኣፍሪቃና ዝወጸሉ ጉብለል ኮይኑ ክርከብ፡ እንተኾይኑሉ ድማ ዓቢ-ሓደጋ ንቀርኒ-ኣፍሪቃን ዞናን ከም ዝኸውን ሕሉፍ ታሪኹ ይሕብረና፤ ንምጥቃሱ ኣድላዪ እንተድኣ ኮይኑ ኣብ ሱዳን፤ ደቡብ-ሱዳን፤ ቀቢላ-ኮንጎ፤ ሶማልያ፤ የመን ምጥቃስ ይከኣል። ህግዲፍ ኣፍ-ህዝቢ ኤርትራ ዓቢሱ ከም ድላዩ ዘገላብጦ ቑጠባ ኣለዎ፡ ዕዳጋ ኤርትራ ንበይኑ ብሒቱ ኣብ ጎረባብቲ- ሃገራት ኣብ ምዕራባዊ-ዓለም ክይተረፈ ኣብ ንግዲ ምህላዉ ኩልና ንፈልጦ ይመስለኒ። ኣብቶም ሓበርቲ-ምልከታት ኣለዉ ዝበልኩዎ ከተኩር፤

ህግዲፍ ህዝቢ እናረሓቶን ስራዊቱ እናተሸምቀቐ ዩ ዋላካ ንህዝቢ ይኹን ንሰራዊት መተካእታ ይሓልመሉ እንተኾነ፤ ምቅታል ምእሳር ምድስካል ከይኣኽሎ ንመሳርሕቱ ምናልባት ከጉብሩ ወይ እውን ምስጥሩ ይፈልጡ ንዝብሎም ብዘይኣፍልጠኦም ነጸ-ምንቅስቓስ ከይህልዎም መምሪሒ ነቶም እሙናት ጃንድኡ ከም ዘመሓላለፈ ይውረ፤ ቑጠባዊ-ቐረብ ንህዝቢ ኢልካ ከትዛረብ ዘይሕሰብ ዩ እታ ብዘመን መግዛእቲ ትርከብ ዝነበረት ማይ-ትስተ ተሳእና ፤ነቲ ህዝቢ ናይ ኢዱን-እግሩን ኣንግፍዎዩ፡ እቲ ገና ብዘይ ምቑራጽ ንሕሉብ ዘሎና ሰብ- ዶላር ኣብ ስደት ንርከብ ኢና፤....ዝምድናና ምስ ጎረባብቲ ሃገራት ግድነታዊ እምበር ድሌታዊ ኣይኮነን...ኩብለና ከሎስ ወስታኡ እንታይ ይመስለኩም፤ ኮንፈደረሽን-ፊደረሽን ዶ ከብል ኮይኑ ?

ህዝቢ-ኤርትራ ኣካሉ ጥራሕ ዘይኮነስ መንፈሱ ውን ከስበር ስለዘለዎ ካብ ዝሓለፈ ሎሚ ብዝልዓለ ደረጃ ኣብ ውሽጢ ሃይማኖት ኢዱ ብምእታው ኣብ ልዕሊ ህዝብን መራሕቲ ሃይማኖታት ማእሰርትን ኣደራዕን ከስዕብ ይርከብ፡ ስለምንታይ ሕጂ ? እንታይ ዝኣመሰለ ናይ ቀረባ ዋኒን ኮን ይህልዎ፡ ኣይተ ኢሰያስ ብሃይማኖት ይኹን ብትምህርቲ ከግደስ ዘይሕሰም ዩ፡ ኣረመን ሃይማኖት ዘይብሉ ምስክሩ ግብሩ፡ ባህሪኡ፡ ምስ ሬሳ ክይተረፈ ዝተሃላለኸ በይኑ ዝዓይነቱ ያዕ ዝብሎ ዝሰኣነ ኣራዊትዶ ኣይኮነን።

ሃይማኖት-ተዋህዶ ዋና ብምስኣኑ ተደፊሩ ቤተ-ክርስትያቱን ደብረታቱን ምድፋር ጥራሕ ዘይኮነስ ንዘመናት ዝተዓቀበ ሰነዳቱን ቅርጽታቱን መጻወቲ ህግዲፍ ኮይኑ ይርከብ፡ እቲ ዘስደምም ግን ኣቕሽሽቲ ኣብ ከንዲ ዓገብ ምባል ስሉጣት ከዋድራ ብሙኻን ህዝቢ ንዝፈንፈኖ ህግዲፍ ይኸድሙ ኣለዉ፤ እቶም እምቢ ዝበሉ ይእሰሩ፡ ኣብ ውሽጢ ኤርትራ እንታይ ይጉብሩ ብዙሕ ኣፍልጠ ዛጊት የብለይን፤ ኣይሃልወኒ እምበር ንሃይማኖትኩም ዝደፍር ዘጥፍእ ይመጽኩም ኣሎ ኣይትተሃመሉ ...ወዘተ ኮይኑ ዳግማይ ረሳሕ ፖለቲካ ንምብርባር ይመስለኒ፡ ኣብ ወጻኢ ድማ ኣቕሽሽቲ ብስም ሃይማኖት ቤተ-ክርስትያናት ከም ኣሜባ ከራብሑን ህዝቢ ከፈላልዩን ይውዕሉ ምህላዎም ካብ ዓይኒኹም ከዉል ኣይኮነን።

ሃይማኖታትና ጸላኢኡ ህግዲፍ ጥራሕ ከነሱ ሎሚ ብስርዓተ - ትምህርቲ ኣመኽኒዩ ዝጉብሮ ዘሎ ሓዊ- ምጽሒታር መቐጸልታ እምበር መጀመርያ ኣይኮነን፤ ኣይተ ኢሰያስ ፍጥር-ከብል እታ ብንሕናን ዕላማናን ዘጠመቓ ናይ ሃይማኖት መሳሪሒኡ እያ ትቕጽል ዘላ።

ደቂ-ሃገር ረሳዕቲ ድኣ ከይንኸውን እምበር፡ ኣብ መፋርቕ 90 ታት ቅድሚ ምስ ኢትዮጵያ ውግእ ምእዋጁ "... እዚ ትርእይዎ ዘለኹም ዶብ ድሕሪ ቅሩብ ግዜ ትርጉም ከህልዎ ኣይኮነን" ኣብ ዝበለሉ ዝነበረ እዋን፤ ጸቡቕ ውፈራ ኣንጻር ነጋዶ ኤርትራውያን ተላዒሉስ ኣሲሩ፤ ወሪሱ፤ ዘሪፉ፤ንግዲ-ፍቓዶም ከልኪሉ፤ ከሳብ ገለ ውን ከቡር ሂወቶም ከፊሎም። ነቲ ገርሂ ከማይ ብዛዕባ ኣሰራርሓ ቑጠባ ዘይርድእ "ሃገር ከሓልፈላ ነጋዶ ከደኽዩ መንግስቲ ከሀብትም ኣለም" ክብልዎ ከለዉ ንገለ ድማ "እዞም ኣስላም ኣይተኻእሉን፤ መንባብሮ ህዝቢ የኽብርዎ ኣለዉ" በልዎ። ከምዚ ሎሚ ሃገር ናይ ኮትሮባንዲ ዓውዲ፤ ናይ ኩላሊት መሸጣ ደቃ ከይኮነት።

ይዕቡ-ይንኣስ ዲሞክራስያዊ ሕቶን ምንቅስቓስን ከድዓት፤ ልኡኻት፤ ኣስላማይ፤ ጅሃድ ኢዩ ክብለና ጸኒሑ፤ እዚ ናይ ትማሊ እውን ከም ኣመሉ ኣስላማይ ኩብሎ ጸገም የብሉን። በዓል ኣድመቑም ድማ ከም ድላይና ትርጉም ክንህቦ ክንፍትን ኢና ከም ኣመልና ፡ እቲ ሓቂ ግን ምስ እምነት ክርስትና ይኹን ምስልምና ዘተሓሕዝ የብሉን እንታይ ድኣ ምስ ትብሉ፤ ኣነ እዚ ተረኽቦ ዚ ሓደ ተራ መሰረታዊ ናይ መሰል ሕቶ ኢዩ፤ ስለዚ ውልቀ-ሰብ ይኹን እኩባት ሰባት መንግስቲ ኣጽፋርካ ኣከብ ክብሉ ሪምም መሰሎም ኢዩ።ምልኪ ናይ ምርግጋጽ ስጉምቲ ኢዩ፡ ናይ ምእማን መሰል ከምቶም ካልኦት መሰላት ተዓፊኑ ይርከብ፤ ፍታሕ ድማ ካባና ካብ ህዝቢ ይጽበ ኣሎ። ንሃይማኖት ከምቲ ኣይተ ኢሰያስ ዝጥቀመሉ ካልኦት ክንህሉ ስለ ንኽእል በዚ ኣጋጣሚ ዕላማ ወይ መደብ ህግዲፍ ኣይንተርጉም ሓደራ እብል።

## ስራዊት (ህዝባዊ-ሰራዊት)

ሰራዊት ይድከም ይበርትዕ ኣካል ህዝቢ ምዃኑ ኣይተረፎን፤ እቲ ህዝባዊነቱ ግን ድሕሪ 1993 ሃሲሱ፤ ይትረፍስ ንህዝቡ ንሃገሩ ንገዛእ-ነብሱ ከከላኸል ኣይኽኣለን፡ ኣደዳ ህግዲፍ ኮይኑ ዝገብሮ ጠፍእዎ ከዕነኒ ይርከብ። ገለ ኣካሉ ድማ ዓይኑ-ሰም ኣቢሉ ኣብ ብልሽውና ከሕንብስ ይርከብ፤ ነንሕድሕዱ ከም ዘይተኣማመን ንዝኾነ ሓላፊ -ሓላፊ ኣለዎ፤ ሃገር ብስለላ እያ ትመሓደር። ርኹባትን-ስኡናትን፤ ተኣማኒን-ዘይተኣማኒን ኮይኖም ይርከቡ፡ ኣይተ ኢሰያስ ንዝኾነ ሓልፈ ከም ጠለ-ብጊዕ ሊኢኹ ከወጥጦ ይኽእልዩ; ስለዚ እታ ከገብራ ዝኽእል ብዝገበረ ገይሩ ከቅኒዎ ኩብዲ-ደቁ ከነስዕ፤ ካልእ ረቓሒ ሓቂ ድማ ምስ ህዝቢ ስጥሙት የብሉን ኣብ ጽባሕ-ነጻነት ማይን-ዘይትን ኮይኖም፤ ብተወሳኺ ኣብ ንዝኾነ ምንቅስቓስ ከገብር ዝምርኮሰሉ ሃገር ትመሓደረሉ ሕገ-ህንጻ የልቦን። ስለዚ ሰራዊት ከግብሮ ዘልዎ ተኽእሎታት ኣዚዩ ጸቢብ ኮይኑ ይስም ዓኔ፡ ከም ኣብ ዝምባብወ ዝተራእየ ተርእዮ ኣብ ሰራዊት ኤርትራ ይፍተን ደኾን ይኸውን፡ ምሕላም ኣይጽላእን፤ ግንከኣ እንተድኣ ህዝቢ ተበጊሱ ዘይስዕብሉ ምኽኒያት የልቦን፡

ከቡር/ቲ ወዲ-ሃገር ድልዋት ዲና ተበግስና ከነበግሶ ? ካንዶ ንሰራዊት ቐብጽካዮ ትብሉኒ ትኾኑ፤ኣብዚ ህሞትዚ ዘለዎ ተኽእሎ 1. ዕድል ሰራዊት ምስ ዕድል ኣይተ ኢሰያስዩ ከውሰን፤ 2. እንተወሓደ ብዘይ ሕጊ ንዘኻዕበቶ ንብረትን ሓለፉን ንምከልኻልን ንምዕቃብን ደፊሩ ነብሱ ከሰርዕሞ ምስ ገለ ውድባት ወይ ማሕበራት ተሓናጊሩ ንጽገናዊ-ለውጢ ይእምት ይኸውን፤ እዚ ማለት ግን ህዝባዊ ሕቶ ፈቲሑ ማለት ኣይኮነን።እቲ ኾይኑ እዚ በዚ ኣጋጣሚ ነብሱን ነብሲ ህዝቡን ከውጽእ ይላበዎ፤ ህዝብና ኣባኻ እምንቶ ጸኒሕዎ ገናውን ዘለዎ ይመስል ኢዩሞ ተበግስ ፡ እንተውሓደ ድማ ተበግሶ ህዝቢ ኣተባብዕ!!!

## ተቓወምቲ- ውድባት

ተምሳል ወይ መልከዕ ተቓወምቲ-ውድባት ተምሳል ህዝቢ ንምገለት የኽእል ይመስለኒ ከመይ ኣካል ህዝቢ ብምዃኖም፤ ብግደ ሓቂ ድማ ዋላካ ኣይስለጦም ፤ መዋእሎም ምሉእ ዝተቓለሱን ጌና ውን ዝቃለሱን ኣለዉ፡ ይኹን እምበር ተቓወምቲ-ውድባት ከምቲ ዝድለ ንህዝቢ ኣብ ጎነን ኣዕሲለን ሃገር ኪድሕና ኣይበቕዓን፤ እወ ብዝሒንን ሕብረንን ብብዓይነቱ ኢዩ፡ እዚ ግን ጺጋታት እምበር ሓጥያት ከቐጽር ኣይነበሮን፡ ተቓወምቲ-ውድባትና ዕቱብ ኣገባብ ቓልስን ሓላፍነትን ዝወሰዳ ኣይመስለንን፡ ምኽኒያቱ ከምቲ ናይ ኣበው ኣበሃህላ "መርዓት ከይሓዛስ ዓርኪ ሓዛ" ኪይንወን፤ ኣተሃልውኤን ኮነ ኣሰራርሕኤን ከም ሕግን-ስርዓትን ዝወነነት ሃገር ከም ዝሓዛ ኣብ ናይ ስልጣን ቁርቁስ፤ ኢቓራጭ መንገዲ ከናድያ ይርኣያ፡

ከም ብዝሒንን ሕብረንን መጠን ናይ ነብሲ-ወከፈን ሕቶ ሕጂ ቅድሚ ሃገራዊ- ሕቶ ምፍትሑ፤ ሕቶይ ሕጂ ይመለስ፤ ኮታ ሕንጻጽ ሕምባሻይ እንተ ዘየርኣኻኒ እታ ሕምባሻ ትጥፋእ ዝዓይነቱ ምህውታት ይርኤ። ንሙኻኑ መን ኢዩ ዓዲሊ መንዩ ተዓዲሊ? ዝኾነት ውድብ ሕብራ ብዘየገድስ ንኣባላታ እምበር ንኹሉ ኤርትራ ኣይትውክልን ኢያ፡ እሙንኒ ጥራሕ እንተ ኾይኑ ህዝቢ ኤርትራ ምእማን ጥራሕ ዘይኮነስ ዘምለኾ ህግዲፍ እንታይ ፈድይዎ ኩልና ዘይንስሕቶ ሓቒ ኢዩሞ ሃገር ብሃቦ-ተረከቦ ብቓራጭ ዝድሓን ኣይኮነን።

ስልጣን ዋኒነት ናይ ህዝቢ ሙኻኑ ኣሚንን ተቀቢለንን ብዘይ ቅድመ-ኩነት ኣብ ሓደ ግንባር ብምፍጣር ንህግዲፍ ከየልግሳ ዝኾነ ምኽኒት የብለንን፤ እንትርፎ ገሊኤን ኣካል ህግዲፍ እንተ ኾይነን፤ ወይ ድማ ንባዕለን ካልእ ህግዲፍ ከኾና እንተደልየን፤ ወይ ከኣ ኣብ ነብሰንን ኣብ ህዝቢን እምነት ኣጥፍኤን ብናይ ወጻኢ- ሓይሊ ከሕንግራ ዝእምታ እንተኾይነን ። በዚ ኣጋጣሚ መን ዩ መን ንምልላይ ኣሸጋሪ እናኾነ ይመጽእ ስለዘሎ ንኹሉ ውድብ ኣብ ሓደ ሞጉእ ኣሕብርና ከይንወቅጥስ እንታይነትኩም ብዘረባ ብጽሑፍ ዘይኮነስ ብተግባር ከተርኢዩ ብትሕትና ትሕተቱ ኣለኹም።

ዝኽበርኩምን ዝኽበርክንን ደቂ-ሃገር ከምቲ ኣቀዲመ ዝጠቐስኩዎ ተምሳል ተቓወምቲ- ውድባትና ተምሳልና ኢዩ ከብሃል ይከኣል ዝበልኩዎ ግደና ወይ ግብረ-መልስና ከምዚ ይመስል፤- ሓድሽ ንዝተፈጥረ ውድብ ብዘይ ሕቶ ምቅባል፤ ንተፈናጨለ ውድብ ብማዕረ ምርኣይ፤ ንሳልሳይ ርእሱ ውድብ ኢየ ንዝበለ መርሓባ ምባል፤ ተቓወምቲ-ውድባትና ኣይጠቅማን ኢየን ምባል ጠቃሚና ኣይኮነን፤ ከጠቅማን ከይጠቅማን ናትና ናይ ህዝቢ ዕቱብ ሓላፍነት ወሲድና ግቡእና ምስ ንፍጽምን ንዋሳእን ጥራሕ ኢዩ።

1

**ጎረባብቲ-ሃገራት፡ ር እሰ-ሓያላን መንግስታት**

ጎረባብቲ ምህላው ካብ ቀደም ኩብ ጥንቲ ዝነበረን ዘሎን ኢዩ፤ ኣብ ኩለን ሰላምን ቅሳነትን ክህሉ ህዝበን ተረባሒ ይገብሮ፡ ብዛዕባ ጉርብትነት እንታይን ከመይን ከኸውን ይግባእ መግለጺ ዘየድልየኩም ሙኻኑ ይርድኣኒ ከመይ ጎረቤት ዘይብሉ ዝዓበየ ወዲ-ሃገር ስለዘይብልና፤ ሕጂ ንዛረበሉ ዘሎና ብሃገር ደረጃ ይኹን እምበር መሰረቱን ባህሪያኡን ሓደ ይመስለኒ።

ብቀትታ ምስ ናይ ኢትዮጵያ ጉርብትነትና ንርኣዮ፤ ብቀዳምነት ኣህዛብ ኤርትራ ኮነ ኢትዮጵያ ኣብ ነንሕድሕዶ ቀዋሚ ኮነ ዝተሓደሰ ጽልኢ ወይ ባእሲ ኣይነበሮን ሕጂውን የብሉን ከብል ይደፍር፤ ከመይ ህዝቢ ባዕሉ ተበግሱ ዝገብሮ ታሪኽ ወረራ ይኹን ውግእ ስለዘየለ፤ እንታይ ድኣ እቲ ዝሓለፈን ዘሎን ዝምታ ወረራ ውግእ ናይ መን ድኣ ኮይኑ ንዝብል ሕቶ ዋናታቱን ተጠቀምቱን ኣብ በብግዜኡ ዝነበሩ መሳፍንቲ፤ ኣብ ገለ እዋናት ድማ ብሰንኪ ርእሰ-ሓያላን፤ ስልጣን ዝሓዙ መራሕቲ ንጥቅሚ ውልቀ-ስልጣኖም ክብሉ ዝወልዕዎ ሓዊ ኢዩ ነይሩ፤ በቲ ዝተወልዔ ሓዊ ድማ ክልትኡ ኣህዛብ ንዲዶም። ናይ ቀደም ዝሓለፈ ገድፍና ናይ ትማሊ እዞም ሕጂ ኣብ ስልጣን ዘለዉ ዝወልዕዎ ሓዊ ሓቢርና ንርኣዮ፡

መሬትካ ኣምልስ መሬትካ ተወረ ብምባል ሓዊ ወሊዖም ብኣሽሓት ዝቑጸሩ መንእሰያት ንብላሽ ንጥቅሚ መራሕቲ ህግዲፍን ወያኔን ሃለቁ፡ እዚ ህልቀትን መነባብሮ ህዝቢ ምዝንባልን ናይ ክልተ ዓመት ከይኣክል መበል 18 ዓመቱ ኮይኑ ፍታሕ ከይረኸበ። እቲ ሓደ ሸኒኽ ንዓ በጃኻ ተለመን ሕሩም ኣይከውንን በለ፤ እቲ ሓደ ሸኒኽ ድማ ከምስል ሕራይ ዳኑዩና ኢሉ ከብቅዕ ምስ ተበየነ ዑጭ-እምብለይ ኢሉ ኣቕቢጸ፤ ስለምንታይ? ፍታሕ ከግበር ንጥቅሚ ክልትኡ ኣህዛብ እምበር ንጥቅሞም ከም ዘይኮነ ኣደዕዳእም ስለዝፈልጡ፡ ዝተውንዘፈ ሽግር ኣሎና ኣይውግእ ኣይሰላም ኢዩ ዘሎናዮ ይብሉ፡ ቓጺሎም ወያኔ "ወዮ ተቓልስናስ ተዋድቕና"ከም ዝብሃል ኣብቲ ብደምና ዝተረኸበ ነጻነት ከናሽዉ ነቲ እምብይታ መራሳዲ ከኾናም ኣምሓራዊ መዝሙር ከዝምሩ ይርከቡ። እቲ ሓቂ ግን ስልጣኖም ንምንዋሕ ዝጥቀምሉ ሜላ ኢዩ። ድሕሮም ክልትኦም ከም ዝገለጽዎ እቲ ሽግር ዶብ ባድመ ከም ዘይነበረ ተኣሚኖም፤ ስለዚ ከጅመር ከሎ ውን ዕላማኡ ስልጣንካ ናይ ምንዋሕ ኢዩ ነይሩ።ስለዚ እቲ ሽግር ፍታሕ ክረክብ ነባሪ-ሰላም ከመጽእ ክልተ ጎረባብቲ ሃገራት ተኸባብረን ከነብራ ዘለወን ውሽጣዊ ጉዳየን ምስ ፈትሓ ጥራይ ኢዩ። እሞ ድኣ እዚ ናይ ሎሚ ቅን ናይ ሰላም መዝሙር ዝብሃል ዘሎ ዋንኡን ዕላማኡን በዓል መን ኮን ይኸውን ? ወያኔን ህግዲፍን ዋላስ መደብ ኣረጊት ማሕበር ኣንድነት ወይ መደብ ሓደስቲ ኣግኣዝያን ? ኣብዚ ከስምረሉ ዝደልዮ እንተ ኣሊዩ ኩሉ ወሳኒ ረቛሒ ውሽጣዊ ኩነታትካ እምበር ደጋዊ ኩነታትካ ዘይምኻኑ ኢዩ። ካልእ ኣብ ኢትዮጵያ ኮንካ ንናይ ኤርትራ ሽግር ከምኡ ድማ ኣብ ኤርትራ ኮንካ ጉዳይ ኢትዮጵያ ከሰላሰል ኢልካ ምሕሳብ ውጽኢቱ ርሑይ ይመስለኒ።

**ርእሰ-ሓያላንከ ?** ፍሉጥ ብቀጥታ ይኹን ብተዘዋዋሪ ጥቅመን የገድሰን፡ እቲ ሓያል ነቲ ድኹም፤ እቲ ዓቢ-ዓሳ ነቲ ንእሽቶ ዓሳ ይውሕጦ። ዓለም ካብቲ ቀደም ዘመን ሕምባሻ ከሎ እምኒ ብዓይነት ደረጃ ኣይተቀይረትን፤ ሓይሊ ወሳኒ ነይሩ ኣሎ ኸኣ። እዚ እቲ ኩውንነት ኢዩ፡ ከም ኣይተ ኢሰያስ ዝኣመሰሉ ከምስሉ የጉባብው፤ ንሙኻኑ ኣይተ ኢሰያስ ካብ ዓንከል ርእሰ-ሓያላን ወጺኡ ወጺ-ኡ ከምዘይፈልጥ ንፈልጥዶ? ኤርትራ ብዘለዋ ወሰናስን ባሕሪ ተመኹልዩ ከማይ ዝኣመስለ ቑማረኛ ኣይትረኽቡን ኢኹም ኩብሎም ይርከብ ኣሎ።ኣብዚ ዘለናዮ ህሞት ርእሰ-ሓያላን ጽልውኤን ወይ ተጽዕኖኤን ንህግዲፍ ይኹን ንወያኔ ይሕይል ምህላዉ፤ ምልክታትን ገለ ትንተናን ካብ ዝር ኡ ክረሙ።እዚ መንቀሊኡ 1. ስርዓት ወያኔ ይኹን ህግዲፍ ኣብ ሰንከልከል ብምህላዉ፤ 2. እቲ ዓለም መን ተቖጻጸረ ውን ኣብ ናህሪ ስለ ዝርከብ ይመስለኒ፤እዚ ግን ብዛዕባ ሕሰም ኣህዛብ ኢትዮጵያን ኤርትራን ኣገዲስዎም ኣይኮነን በሃላይ ኢየ። ብዛዕባ ርእሰ-ሓያላን ኣብዚ እንተ ተኾተመ ይሓይሽ ይመስለኒ፤ ብዝተረፈ ስምም ይባረኽ ! ዘልኣለም ይዘከሩ ! ብክቡር ደም ስውኣትና ኣካል-ዓለም ከንከውን በቒዕና፤ ስለዚ ዘሎና ምርጫ ፈቲና ጸልእና በቲ ዓለምና ኩሉ ዝኸዶ ኣገባብ ክንከይድ ኣሎና። ንዓና ንበይንና ዝኸውን ጠመተ ምድላይ ሽርሒ ወይ ዕንጅልና ወይከኣ ክልትኡ ይመስለኒ።

ዝኸበርክን ዝኸበርኩምን ደቂ-ሃገር ! ነገሩ " ዓድዋ ከድከን እንታይ ኣምጻእክን " እንዲዩ ኣብዘን ዝሓለፋ 26 ዓመታት ደጋፊ ይኹን ተቓዋሚ፤ ክርስትያን ይኹን ኣስላማይ ዝተጎድኡ ዝነደየ እምበር ዝተረብሐ የብልናን፡ ንዓመታት ኣይ ካብ ጉጅለ ህግዲፍን ሰራዊቱን፤ ኣይ ካብ ተቓወምቲን ውድባቶምን ተስፋ ወይ መዋጽኦ ብምስኣንና ሓዲግ-መዲግ ተርፍና ኣብ መንጎ መጥሓንን መዲድን ተቐርቒርና ፡ ንበር ምንባር ተሓሪምና ንርከብ።

*ከቡራንን ከብራትን ደቂ-ሃገር እስኹም ትብልዎ ከህልወኩም እንደዩ ከሳብ መልሰ- ግብረኹም፤ ኣነስ እቲ ድኽመት ካባና ካብ ህዝቢ ኢዩ በሃላይ ኢየ፡ ከመይ ዋናታት ታሪኽ ንሕና ፤ ከፈልቲ-ዕዳ ባዕልና ። ንሕና ህዝቢ ከህልወና ዝኽእል ባህርን-ግብርን ኣብ ሬህዋናን ሕሰምናን ኣዚዩ ወሳኒ ረቛሒ ኢዩ፤ ስለዝኾነ መንግስቲ ይኹን ተቓዋሚ ንሃገሩ ብተሓታትነት ስጉላበጥ ኢሉ ክገልግል ዝቅስቦ ህዝቢ ባዕሉ ኢዩ።*

ኩብዚ እምንቶ ተበጊሰ ባህርና ኮነ ግብርና ብግህዶ እንታይ ይመስል ብዓቕመይ ከፍትን እምበርካ ብዙሓት ኣብ ዝተፈላለየ ኩነታትን ኣጋጣሚታትን ከይጠቀስዎ ኣይሓለፉን፤ እምበኣር ባህሪ ክብል ከለኹ ንኣተሓሳስባናን ወይ ጠባይና ኣብ ነንሕድሕድና ዝነብር ዝምድናናን ዘመልክት ወይ ማለተይ ሙኻኑ ክትርዳኡለይ ይደሊ፤ ባህሪ ኻብ ባህሊ ኣተዓባብያና ዝወረስናዮን ቀጽሉ ውን



ተቐሰምርዎ ዝርከብ ሓሳብ ወይ ቃላት ዝተገብረን ዝተባህለን ኮይኑ ብናተይ ቃላት ምኻኑ ክሕብር ይፈቱ

ኣብ እዋን ሃገራዊ-ሰውራ ዝሰንቕናዮ ኮይኑ፤ ኣብዚ ዘለናዮ እዋን ድማ ኣዚዩ ደሚቑ ይርኤ። ብዝኾነ እስኪ እዞም ዝስዕቡ ባህረያት ከም ኣብነት ንርኣዮም፤- ፍጹም ምእዙዝ ሙኻን ዋላ ውን ብውልቀ ደረጃ ጎዲኢኻ ሙኻኑ እናተረዳእካ፡ ኩሉ መዓልታዊ ጉዳይካ ክይተረፈ ሓለፍቲ ከሓስቡልካን ከውዱእልካን ምጽባይ፡ ንዝኾነ ሕሽኩሹክ ጽውጽዋይ ዝኾነ ሓበረታ እንታይነቱ ከየማጻረኻ ምቕባል፡ ኣብ ክንዲ ኣብ ነስኻን ነብሲ-ብጻይካን እምነት ምግባር ዕሙት እምነት ኣብ መራሕቲ ምንባር፡ ብስስዔን ብጥልመትን ንነብስኻ ጥራሕ ክትረብሕ ምሕሳን፡ ውላድካ ከም ጠለ-በጊዕ ብዘይ ኣገባብ ክምንጠል ትም ኢልካ ምርኣይ፡ ውላድካ ተደፊራ ምእንቲ ውላድካ ደው ዘይምባል፡ ጎረቤትካ ተበዲሉ ክእዊ ከም ዘይሰማዕካ ምጽቃጥ፡ ስንኩላን ተጋደልቲ ክብደሉ፤ ኣባላት መሪሕነት ኣባላት ሰራዊት ከእሰሩ ክቕተሉ ከም ዘይምልከተካ ጥራሕ ዘይኮነስ ተግልብጥካ ዝገበርዎ ነገር ሃሉዩ እምበር እናበልና ብሓሶት ምምስካር፡ ...ወዘተ።

እዚን ከምዚ ዝኣመሰለ ባህርን ግብርን በቲ ተፍጥራዊ መሰረታዊ መሰል ወዲ-ሰብ ዘይምእማንን ዘይምትግባርን ኮይኑ ይስምዓኒ ብርግጽ ድማ ኩሉ ዝተጠቕሰ *ኣብ ክንዲ ንመሰልካ ደው ምባል ኣንጻር መሰልካ ምህላኽስ ኣብ ምንቲ-ምንታይ?* ህዝቢ መሰሉ ዘይፈልጥ ኮይኑ? ያያእ !! ኣይመስለኒን። እንተድኣ ህዝብና መሰል ወዲ-ሰብ ዘይርድእ ወይ ዘይፈልጠ ኮይኑ ንልዕሊ 50 ዓመታት ኣይምተቓለሰን / ምሩጻት በራውር ደቁ ኣይምኸፈለን፡ እሞ እንታይ ድኣ ከኸውን ኣለዎ እቲ *ሽግር? ምናልባት ፍርሒ፡ መን ካብ መን? ተታሊሉ ንጥቕሚ መን? ክርስቲያን ካብ ኣስላማይ፤ ሓደ ኣውራጃ ካብ ካልእ ኣውራጃ፤ ሓደ ብሄር ካብ ካልእ ብሄር፤ ወላዲ ካብ ውሉዱ፤ ሓው ካብ ሓዉ ?* እዚ ሃለውለው ብኣይተ ኢሰያስን መሰልቱን ዝካየድ ዘየሎ ጽውጽዋይ ናይ ፍርሒ ምዝራእ ሃልኪ ኢዩ፤ ብዝተረፈ ኣብቲ ዓቕበት ንናይ ናጽነት ከውጻእ እንከሎ ብደም ተሓጺቡ ተወዲኡስ ኣብ ካልኣይ ዓቕበት ናይ ሓርነት ንርከብ ኣሎና፡ ታሪኽ ንቕድሚት ኢዩ ዝምርሽ። ህዝቢ ኤርትራ ዝጎደሎን ዝሓቶን ዘሎ ሕግን-ፍትሒን ብወራዘት ዘይኮነስ ብተሳትፎኡ። ይንዋሕ-ይሕጸር ድማ ክዕወት ዩ፡!!!

ከቡራንን ከቡራትን ካብ ጉይይ ምዓል ከሳድ ምሓዝ፤ **ንመሰልናን ጉዳይናን ንሕና እንተዘይኮይኑ መን !! ሕጂ እንተዘኮይንኸ መዓስ !! ስለዚ ሰዓቱ ይሓልፍ ኣሎ ብታሪኽ ክይንኹነን ሃየ ንበገስ !!ንበራበር !!!** ፋሕ-ጭንግራሕ ዝበለ ዓቕምታትና ኣብ ምጥርናፍ ነድህብ፡ጸላኢ ና ጸላእ-ህዝቢ ህግዲፍ ብኹሉ መዳይ ተወዲቡን ሰሪዑን ኢዩ ዝቃለሰና ዘሎ፡ ስለዚ ንሕናውን ብሃገር ደረጃ ክንጠራነፍ ይግባእ፡ ምኽሪ ክርክብ ኣብ ዘዘለናዮ ብሃገር-ደረጃ ንተኣኻኸብ። ዝኣመናዮም ዘምለኽናዮም ተስፋ ዘንብርናሎም ኩሎም ተሓሊሎም። ናይ ጀነቫ ውዕሎ ስዕቡውን እዚ ናይ ትማሊ ብምኽንያት ተባዕ ስጉምቲ ኣቦና ሓጅ መሓመድ ኑር ሙሳ ዝተገብረ ተውቓሞ ሰልፊታት ማሕለፊያን ዘሔብንን ኢዩ፡ እንተኾነስ ኪንዮ ተቓውሞ-ሰልፍታት ክነማዕዱ ሰዓቱ ይመስለኒ፡ ንትኣከብ ! ንላዘብ ! ንጋባእ! እዞም ናይ ጸዋዒት ቃላት ናተይ ናይ ብሕተይ ከምዘይኮኑ ምእማነይ ኣገዳሲ ይመስለኒ፤ ከም በዓል ዓለማዊ ተብግሶ ዝኣመሰሉ ምንቅስቃሳት ከምዘለዉ ንፈልጥ ኢና ይመስለኒ፡ ስለዚ ንንሕድሕዱ ክይዋቃዕ ምርባሓት ክይርከብ ብጥንቃቐ ክንሕዞ ይግባእ ይመስለኒ:: እወ! እዚ እቲ ንግበር ኢልካ መምርሒ ወይ ትእዛዝ ልሙድ ይመስለኒ፤ ጌጋ ድኣ ይኽልኣለይ እምበር ኣነስ ነፍሲ-ወከፍ ኣኸበኛ ብዝጥዕሞን ሓቢሩ ብዝወሰኖን መምሪሒኡ ፤ ዕማሙ እንታይ ክኸውን ኣለዎ፤ ከምኡ ድማ ምስ ካልኦት ኣብ ውሽጢ ዘዘለናዮ ሃገር ዝርከቡን ምስ ዓለም- ለኻዊ ዝርከባ ኣሓት ዝኾና ተመሳሰልቲ ጉጅሌታት፤ ብኸመይ ርክብ ይግበር ናይ ብሕቱ ሓለፋ ክኸውን ኣለዎ በሃላይ ኢየ ብፍላይ ኣብ ዝብገሰሉ ዘሎ ህሞት። ዝከበርኩም ሰብ ወነንቲ ወይ ኣባላት ፓል-ቶክ ሩምስ ይከኣልዶ ነዚ ጸዋዒት ወይ ህዝባዊ ዕድመ ከተእንግዱ? ምስ ዝኾነልኩም ክንደይ ጽቡቕ ነይሩ ዝብል እምነት ኣሎኒ ብኽብረት ዕድመኹም።

ከቡራንን ከቡራትን ደቂ-ሃገር ኣብ ዝኾነ እዋን ናትና ናይ ህዝቢ ብሃገር ደርጃ ምውሳእ መትካእታ ዘይርከቦ መዋጽኦ ኢዩ። መሰል ዝትኮብ ሸለዘይኾነ ብቀጻሊ ክንላዘብ ኣሎና፤ ዋላ ውን ኣሸበሸብ ኣይተ ኢሰያስ ገለ ስጉምቲ እንተወሰደ፤ ከምኡውን ተቓወምቲ ተሓንግረን ወይ ተሓናግረን ገለ ለውጢ እንተ ተረኽበ፤ ብቀጻሊ ንተኣከብ እንኮ ዋልታና ዋልታ ህዝቢ ሙኻኑ ብታሪኽ ፍቱን ኢዩ።ንቕድሚት ክንምርሽ ንዝሓለፈ ተሞኩሮና ክንመዝን፤ ካብኡ ክንምሃር ጻዕሪ ክንገብር ይግባእ፤ ብኡ ኣቢልና ከኣ ኣተሓሳስባናን ግብርናን ነስተኻኽል፤ ክሳብ ሕጂ ሕዝናዮ ዝጸናሕና ባህሪ ኣይስርሕን ጥራሕ ዘይኮነስ ሃገርናን ህዝብናን ኣብ ሓደጋ ከትወድቅ ጠንቂ ኮይኑ ይርከብ።ብመደብ ተግባርን ህግዲፍ ምዝራብን ምዕዝምዛምን ይትረፍ ብመደብና ብጉቡእና ንረባረብ !!

ከቡራንን ከቡራትን ደቂ-ሃገር ሕጂኸ ዝብል ጸዋዒት//ምሕጽንታ መልእኽተይ ንኹሉ ወዲ-ሃገር ደጋፊ ይኹን ተቓዋሚ ከምኡውን ነቲ ኣጸቒጡ ዝርከብ ኣካል ህዝቢ ከምዝኾነ ብግቡእ ክትርዳኡለይ እናተተስፎኹ ኣብ ቀጻሊ ምውሳእ የራኽበና ይብል፡ ጽሑፈይ ብምልኡ ናተይ ውልቀ-ርእይቶ ሙኻኑ ፤ብስንኪ ክእለተይን ኣፍልጦይን ክኣረመሉ ዝግብኣኒ እንተሎ መርሓባ። ሓቂ ዝደሊ ሓቂ ናይ ካልኦት ከጥፍእ የብሉን ዋላ ውን ናይ ጸላእቱ፤ ከምኡውን መሰል ኣሎካ ማለት መሰል ካልኦት ምዝንጋል ማለት ውን ኣይኮነን እሞ ሃናጺ ምዕደኹምን እርማትኩምን እናተጸ በኹ፤ ርሑስ- በ ዓል -ልደት ይግበሮ፤ ከምኡ ድማ 2018 ካብ ዝሓለፉ 26 ዓመታት ብልጽቲ ክንገብራ ብሓባር ቃል ንእቶ። እዚ ወድሓንኩም። ካብ ሃገራዊ ኣፈወርቂ እምሃ 23.12.17
614028 3503

ሓድነት ህዝቢ ክርከብ

ብዘይምሕላል ንተኣከብ !!



ተሰምርዎ ዝርከብ ሓሳብ ወይ ቃላት ዝተገብረን ዝተባህለን ኮይኑ ብናተይ ቃላት ምኻኑ ክሕብር ይፈቱ